# ፩ይ ሰንበት ዘጰራቅሊጦስ

## ሰነ 10 2010 ዓ.ም (6/17/2018)

መዝ. ዘምሩ ለእግዚአብሔር ጳድቃኑ እስመ ተንሥአ ክርስቶስ እሙታን. . . ።

ምስባክ፡ ኢትግድፈነ እምቅድመ ገጽከ:ወመንፈስከ ቅዱስ ኢታውጽእ እምላዕሌየ፥ ዕሥየኒ ፍሥሓ ወአድኅኖተከ።

ንባባት፡ 2ቆሮ 5፡6-10፥ 2ዮሓ 4፡1-9፥ ግ.ሓ. 10፡44-ፍ፥ ማር 4፡26-34

መዝሙር ናይ ዕለቱ "ክርስቶስ ካብ ሙታን ስለ ዝተንሥአ ጻድቃን እግዚአብሔር ዘምሩ። አብኡ ሞቕሕ ሓጺን ሰሩ ንቀዳማይ ፍጥረቱ አውጽኡ፥ ንቶማስ መውጋቲ ጎድኑ ንእንድርያስ ከአ ሽንካር አእዳዉ አርአየ፥ ጻድቃን እግዚአብሔር ንዝኸሪ ቅድስናኡ ሰገዱ፥ ነቲ ድኅሪ አርብዓ ምዓልታት አብ ሰማያት ብክብሪ ንዝዓረገ ምስ መላእኽቲ ዘምሩ" ይብል።

አብ ስርዓት ልጡርግያ ቤተ ክርስትያን ክንዝንግዖ ዘይብልና ናይ ክርስቶስ "ሕማማት፥ ሞት፥ ትንሣኤን ዕርገትን" ከም ሓደ ፍጻሜ እዩ ዝርአ ስለዚ ድኅሪ ብዓለ ጰራቅሊጦስ ብዛዕባ ዕርገቱ ሕማማቱ ምዝራብ ከም ሓደ ስለ ዝርአ እዩ። አብ አስተንትኖና ነዚ አብ ግምት አእቲና ኢና ክነስተንትን ዘሎና። ነዚ መሰረት ገሩ ናይ ሎሚ መዝሙር አብ ሓዲስ ሕይወት ኢየሱስ ክንሳተፍ እሞ ደቂ ትንሣኤ ኮና ክነብር የዘኻኽረና።

አብ ናይ ሎሚ ሰንበት ንባባትና ብዛዕባ መንግስቲ አምላኽ ከምኡ አምላኽ ከመይ ገሩ ምሳናን ብዘይ ብአናን ከምዝዓዩ ይነግሩና። ከምኡ ቤተ ክርስትያን ክርስቶስ ከም ሓንቲ ኦም ኮይና አብ ዓለም ዝተተኽለት ምዃና ይነግሩና። ካብ ዝንአሰት ዓይነት ዘርኢ ጀሚራ አብ ዝዓበየት ኦም ትኸውን ርኡይ መረጋገጺ መንግስቲ አምላኽ አብ ዓለም ኮይና ትርከብ። ንሕና እምብአር ንኸምዚ ዓይነት መንግስቲ አምላኽ እምነት ገርና ክንደሊ ይግብአና።

አብዚ መንግስቲ ዝብል እንታይ ከምዘስምዕ ክንፈልጥ ይግብአና ምኽንያቱ አብ ወንጌል ተደጋጊሙ ብዛዕባ መንግስቲ ዝዛረብ ንረክብ። እዚ "መንግስቲ አምላኽ" እንብሎ እንታይ እዩ? መጀመርያ ቦታ አይኮነን፥ ቀንዲ ትርጉሙ ካብ ግሪኽ ዝመጸ እዩ "basileia" አብ ሓሳብ ጥራሕ ዘሎ ረቂቕ ግዙፍ ዘይ ኮነ እዩ ዘስምዕ ስለዚ 'ንግስነት ግዝአት" እዩ፥ አብ ቋንቋና ክንትርግሞ ከሎና ውሱን ግዝአት ቦታ የስምዕ፥ አብ ትርጉም ንግስነት ወይ መንግስቲ" ዝብል ዘስምዖ ሓይሊ ስልጣን እዩ ዘስምዕ። አባል መንግስቲ ወይ ግዝአት አምላኽ ምዃን ማለት ብምሉእ ተረዲኡካ ፈሊጥካ አብ ትሕቲ ስልጣን አምላኽ ምዃን እሞ ነቲ ስልጣን አምላኽ ምግላጽን ብእኡ ክእለት ወይ ሓይሊ ምርካብን እዩ። እቲ እንለብሶ ሓይሊ ኸአ ሃይሊ ፍቕሪ እዩ። እቲ ሓይሊ ፍቕሪ ሓደስቲ ዝገብር፥ ምሉእ ሓይሊ ወይ ዓቕሚ ዝህብ፥ ዘበራትዕ፥ ንሕልና ሓፍ አቢሉ ነቲ ክንኮኖ ዝግብአና ዝገብር ሃይሊ እዩ።

አብ ሕዝቅኤል ነብይ አብ 17፡22-24 ዘሎ እንተ አንበብና ነዚ ሓሳብ ዝድግፍ ንረክብ። ሕዝቅኤል ንደቂ እስራኤል እምነት ገሮም ምእንቲ ክጉዓዙ ብዛዕባ ተስፋ፥ ተሓድሶን ሓርነት/ነጻነት ይነግሮም። አምላኽ ንህዝበ እስራኤል ካብቲ ዝነበርዎ ስደት አብ ባቢሎን ከም ዘውጽዖምን ንኹሉ ከምብሓዲስ ከም ዝቕይረሎምን ይነግሮም። እዚ ማለት ከአ አምላኽ ክሕድስ ንህዝቡ ካብ መንግስቲ ጭቆናን ድኽነትን ሓዘንን አውጺኡ አብ ሓዲስ ርክብን ሕይወትን ከም ዝእትዎም

ድላዩ ከምዝኾነ ኣብ መንግስቲ ሰላምን ፍትሕን ሃብትን ከእቱ ከምዝደሊ ይገልጽ። እዚ ዓይነት መንግስቲ እዩ ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ከም ንጉሥ ዝነግሰሉ ከምኡ ንኹሉ ሕይወቶም ከም ምንጪ ኮይኑ ክሕግዝ ዝደሊ። ኣብ ከምዚ ዓይነት መንግስቲ ክነብር እዩ ኣምላኽ ዝደልየና። ናይ እዚ መንግስቲ እዚ ብግዙፍ እትርኣን ምልክትን ቤተ ክርስትያን እያ ኩሎም ኣሕዛብ ኣብኣ ክዕቆቡ ዝደልይዋ።

ኣምላኽ ንደቂ እስራኤል እምነት ገሮም በቲ ንሱ ዝደልዮ እንተ ኸዱ ኵሉ ከም ዝቕይረሎም ምስኦም ከም ዝኸውን ከም ዝመርሖም ደጋጊሙ ነጊርዎም ነሩ፣ ሎሚ እውን ብቤተ ክርስትያኑ ገሩ ኣብኡ ክንምለስ ካብ ኃጢኣትና ክንምለስ ክንኣሕ ይደልየና። ኵሉ ክቕየረልና ሰላም ክነግስ ኣምላኽ ኣብ ሕይወትና ክነግስ ንሕና ኸኣ ደቂ መንግስቱ ኮና ክነብር ኣሎና።

ኣብ ካልኣይቲ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ዝተነበትና ጳውሎስ ዘዘኻኽሮ ንሕና ኣብቲ ክርስቶስ ዘለዎ ክንበጽሕ ኣብ ጉዕዞ ከምዘሎና ይነግረና። ንሕና ኣብ ውሽጢ ሰውነትና ብሕይወት ይኹን ወይእውን ኣብ ስደት ንሃሉ ንኣምላኽ ክነሕጉስ ኵሉ ጊዜ ተሰናዲና ክነብር ኣሎና። ጉዕዞ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ገጽና ብእምነት ክንጉዓዞ ኣሎና። ጳውሎስ ከምዚ እናበለ የዘኻኽረና፣ "ብእምነት እምበር ብምርኣይ ኣይኮናን እንነብር ዘሎና፣ እምብኣር ትብዓት ኣሎና ካብዚ ሰብነትዚ ግዒዝና ኸኣ ምስ ጎይታ ኽንነብር ይኀሽና" (2ቆሮ 5፡7-8)። ኣብዚ መንፈስ መሰረት ገርና ጉዕዞ ሕይወትና ብዓቢ ምስትውዓል ክንመርሕ ኣሎና ሽው ኣብ መወዳእታ ኣብቲ መንግስቲ ኣምላኽ ብክርስቶስ ቅቡላት ክንከውን።

ኣብ ወንጌል ማርቆስ ንሎሚ ዘንበብናዮ ክርስቶስ ብክልተ ምሳሌ ገሩ ዓቢ ትምህርቲ ይህብ ንሰማዕቱ። ከምኡ ነቶም ዝሰምዕዎ ኣብኡ ክቕርቡ ንሱን መንግስቱን እንታይ ምዃኖም ተረዲኦም ኣብ ሓዲስ ርክብ ምስኡ ክእትዉ ይነግሮም። ንእና ሎሚ እንሰምዕ ዘሎና እውን እቲ ንሱ ዘቕርበልና መንግስቲ ቀሊልን ሰላማውን ቀስ ኢሉ በብቕሩብ እናዓበየ ዝኸይድ እዩ። ንኹልና ብቕኑዕ መገዲን ብሓቂ ብልቢ ንእንደልዮ ክፉት እዩ። ኣብኡ ኣምላኽ ይቆጻጸር ይመልኽ ኹሉ ኣብኡ ንዘሎ ኸኣ ከምቲ ዝድልዮ ከምዝኸውን ይገብር። ኣብዚ ምሳሌ እቲ ቀንዲ ኣትኵሮ ዝግበረሉ ኣብቲ ሓረስታይ ዝገብሮ ጻዕሪ ኣይኮነን፣ ኣብቲ ዘርኢ እዩ ዘተኵር። እቲ ዘርኢ ካብ መጀመርያ ብምስጢራዊ መገዲ ሓደ ከይፈለጠ ከየስተውዓለሉ ቀስ ብቕስ ይዓቢ ምስዓበየ ንኹሉ ጽላል ይኸውን። ልክዕ ከምኡ ኣብቲ መንግስቲ ኣምላኽ ንሕና ክንርድኦን ክንገልጾን ብዘይንኽእሎ መገዲ ኣሎ። እታ ሓንቲ ንሕና ክንገብራ እንኽእላ ንዘርኢ እምነት ኣብ ክርስቶስ ዘላትና ክንዘርእ እሞ ሽው ኣምላኽ ባዕሉ ንዝተረፈ ክምልኣልና እዩ። እቶም እመነት ዘልኦምን ኣብ ክርስቶስ ዝኣምኑን ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ቅቡላት ክኾኑ እዮም።

ኣብዚ ክንዝክሮ ዘሎና እዚ ወንጌል ኣብ ዝጽሓፈሉ ዝነበረ እዋን ቤተ ክርስትያን ንእሽቶይ እያ ነራ። ውሑዳት ማሕበር ዝሓዘት ኣብ ከተማታት ዓድታት ኣብ ኩሉ ክባቢታት ማእከላይ ባሕሪ ዝተዘርግሑ እዮም ነሮም። ከምዚ ሎሚ ዘመናዊ መራኸቢታት ዘይኮነ ከይተራኸቡ ንዓመታት እዮም ዝጸንሑ ነሮም ካባና ፍሉያት ዝገብሮም ምስ እዚ ኹሉ ጸገማት እምነቶም ብርቱዕ ቀስ ብቕስ እናዓበየ ይኸድ ነሩ። ብውሑዳት ጀሚሮም ኣብ ኩሉ ከምዝበጽሕ ገሮሞ። ሎሚ ንሕና ኢና ከም ዝዓቢ ከም ዝዝርጋሕ እንገብር።

ኣብቲ ካልኣይ ምሳሌ ዘርኢ ኣድሪ ካብ ኩሎም ኣዝርእቲ ዝንኣሰት፣ ኣምሳል ቤተ ክርስትያንን መንግስቲ ኣምላኽን ትርእ። በዚ ምኽንያት እዩ ክርስቶስ "ክንዲ ዘርኢ ኣድሪ እትኣክል እምነት እንተ ኣላትኩም . . . . ዘይክኣለኩም ነገር የለን" (ማቴ 17፡20) ዝበለና። እምነት ትዓቢ እያ እንተ ዓበየት ከኣ ኣብ ዓቢ ነገር ትበጽሕ። ክትዓቢ እንከላ ኣብ ክርስቶስ ገጻ ትመርሓና በዚ ኸኣ

ኣብ መንግስቱ ንኣቱ። ከምኡ ካልኣት ኣብታ ሰውነት ክርስቶስ ዝኾነት ቤተ ክርስትያን ክመጽኡ ቦታ ትኽፍተሎም። እዚ እዩ ትርጉም ናይ እቲ ክርስቶስ ኣብቲ ምሳሌ "ኣዕዋፍ ሰማይ ኣብ ጽላላ ኼዕርፉ ኽሳዕ ዝኽእላ ኽአ ዓበይቲ ጨናፍር ትገብር" ዝበሎ።

ንሕና ክንሰብኽን ክንምስክርን እንከሎና ውጽኢቱ ኣብ ዕለታዊ ሕይወት ሰባት ክርአ ይክኣል። ንኣብነት ንንኣሽቱ ቆልዑት ልቦም ክትንከፍ ይክኣል፥ መንእሰያት ሕይወቶም ቀይሮም ኣብ ምቕባል ምስጢራት ክኣትዉ ይኽእሉ፥ ክልተ ኣዕሩኽ ኣብ ቃል ኪዳን ምእሳር ክኣትዉ ይኽእሉ፥ ከምኡ ገለ ካብቲ ዝነበሮ ሕማቕ ልምዲ ወልፊ ክወጽእ ይውስን ይኸውን ካልእ ከኣ ዕርቂ ክሓትት ወይ ክህብ ይኽእል። እዚ ምናልባት ንኣሽቱ ነገራት ኮይኑ ክርአየና ይክኣል ይኸውን እንተኾነ እቲ ዘርኢ መጠን እምነትና ዝዓበዮ ይዓቢ ከምኡ ቤተ ክርስትያን ሰውነት ክርስቶስ ትዓቢ ብዙሓት ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ገጾም ይመጹ።

ኣምላኽ ሎሚ እውን ብምስጢራዊ መገዲ ንሕና ብዘይንርእዮን ዝርድኣናን ገሩ ይሰርሕ ኣሎ። እዋና ዝምሰሎ ብዘየገድስ ኣምላኽ ሎሚ እውን ይዓዪ ኣሎ። "ነገራት ከምቲ ዝመስልዎ ኣይኮኑን" ዝብል ምስላ እኹሉ ርድኢት እዋናን እቲ ኣምላኽ ዝገብሮን ክገልጸልና ይክኣል።

ኣብ ኣምላኽ ብንኣሽቱ ነገራት ጀሚሩ ኣብ ዓበይቲ ዘደንቕ ነገራት ይበጽሕ። በዚ ኢና ምስ ኣምላኽ ክንጉዓዝ እንከሎና ብእምነት እምበር ብምርኣይ ኣይኮናን ክንጉዓዝ ዝግብኣና። ንዅሉ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ኣቐሚጥና ክንከይድ እንተ ኽኢልና መወዳእታና ዝበለጸ እዩ። ሰብ ኣብቲ ንእኡ ዝርድኦን ዝደልዮን ጥራሕ ተደሪቱ ንሕይወቱ እንተ መርሐ እናጸልመቶን ሓሰሞን እዩ ዝኸይድ። ኣብ ጉዕዞ እምነት ኣብ ገለ እዋን እቲ ውጽኢት እምነትና ክንርእዮ እውን ኣይክኣልን እዩ። ንኣብነት ናይ ኵሎም ሰማዕታት እምነት ፍረ ንሕና ዘሎና ድአ እምበር ንሶምስ ሓሊፎም እዮም ግን እቲ ንሶም ዝኣመንዎ ንሕና ንርእዮ ኣሎና።

ዝመጽእ 20 ሰነ መዓልቲ ስዉኣት እዩ በዚ ኽአ ንዅሎም ምእንቲ ሃገርን ምእንቲ ሰላም ሕይወቶም በጃ ንዝሓለፉ ብፍሉይ እንዝክረሉ ዕለት እዩ። ሰማዕታት ንብሎም ምእንታና ምእንቲ ፍትሕን ርትዕን ክነግስ ኢሎም ሕይወቶም ስለ ዝሓለፉ። እዚ ዕለት መጀመርያ ነቲ ንሶም ዘምጽእዎ ነጻነት ሃገር ከምቲ ዝድለዶ ንጥቀመሉ ኣሎና ወይስ ዘንጊዕና ኣሎና ኢልና ምስ ሕልናና ክንዛረብ ዝሓትት ዕለት እዩ። ካልኣይ ብመስዋእቲ እንፈትዎም ደቅና ኣሕዋትና ዝመጸ ናጽነት ሃገር ከመይ ንነብሮ ኣሎና ኢልና ክንሓትት ይግባእ። ነጻነት ሰብ ብቐሊል ተነቃፉይ ጉዳይ እዩ ስለዚ ሓለዋ የድልዮ ንነጻነት ዘይናቱ ክገብሩ ዝደልዩ ንነጻነት ገፊፎም ባራዩ ክገብሩ ዝደልዩ ንነጻነት ኣብ ናይ ገዛእ ጥቕሚ ጥራሕ ኣውዒሎም ንኻልኦት እናኣጋፍዑ ዝነብሩ ብዙሓት ስለ ዝኾኑ ነዞም ኩሎም ጸላእቲ ነጻነት መስመሮም እነትሕዝ ንሕና ኢና። መዓልቲ ሰማዕታት እምብኣር ነዚ መብጽዓ ክንሓድስ እዩ ዘዘኻኽረና።

ስለዚ መዓልቲ ስውኣት ንዝያዳ ሓላፍነት ሃገር ክንለብስ ዝሕግዝ ዕለት እዩ። ሃገር ጥዒሙካ እትፈትዎ ጸጊሙካ እትጸልኦ ኣይኮነን ሃገርን ኣደን ክልተ ክቕየሩ ዘይክኣሉ እዮም። ሎሚ ዓድና ኣይጥዓመን ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘሎና ሓድነት መንፈስን ፍቕርን ውሒዱና። ካብቶም ዝዕርዩ ዘበላሽዉ በዚሖም መንእሰይ ዓዲ ይሓድግ ኣሎ ወለዶታት ስድራታት ይበታተና ኣለዋ+፥ ከሰክፈና ኣለዎ ሕልና ዘለዎ ወዲ ሃገር ክስከፍ እሞ ንጽቡቕ ክብገስ ይግባእ፥ ተሓማሚና ተጻሊእና እነፍርዮ ነገር የለን። ኣረኣእያ ፍልልይና ብዘየገድስ መጀመርያ ሃገርና ክንብል ሸው ኣብ መኣዲ ዘተ ሕውነት ክንኣቱ ልብና ክፉት ንግበሮ።

ፍቕሪ ሰናይ ግብሪ ኣብ ቤትና እያ እትጅምር፥ ዘርኢ ሰላምን ፍቕርን ኣብ ልብና ካብ ወለድና ኢና እንቕበሎ፥ እምብኣር ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቤት ሰላም ክንዘርእ ናይ ነፍስወከፍና ሓላፍነት እዩ።

ኣብ ገዝኡ ሰላም ዘይገበረ ኣብ ገዛ ካልእ ሰላም ክገብር ኣይክእልን እዩ። ክንመሓሓር ኣሎና ንዝበደለና ክንምሕር ኣምላኽ ባዕሉ እዩ ኣርእዩና። ምጭኽኻን ኣሕዋት ኣይገብረናን እዩ። ንዝበደለ ሓውና ክንምሕሮ ድላይ ኣምላኽ እዩ። 'ምሓሩ ክትምሓሩ እዩ" ትምህርትና።

ነቶም ምእንታና ሕይወቶም ዘሕለፉ ኣብ ሕቝፉ ተቐቢሉ ዓድና ዓዲ ሰላምን ፍቕርን ፍትሕን ይግበረልና። ንኹሉ ዝቕይር ኣምላኽ ዘመና ይቐይረልና። ዘርኢ እምነትና እናዓበየ ከይዱ ፍረ ዘፍሪ ንመንግስቲ ኣምላኽ ብእምነት እነገልግል ይግበረና።

"ሃቦም እግዚኦ ዕረፍተ ዘለዓለም፥ ወይኩን ዕረፍቶም በሰላም"

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ